# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ

## ሳልሳይ ምዕራፍ

## ቀዳሞት ኣድራጋ ጠያይቲ



(1)

ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ንጉስ ሃይለስላሴ፡ ነቲ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘተኣሳስር ዝነበረ ፌደራላዊ ምምሕዳራዊ ስርዓት ንምብርዓን ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ዝነበረ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ይኹን፡ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምልሓቕ ዝውሰዱ ዝነበሩ ዝተፈላልዩን ዝተጻረሩን ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ስጉምትታት፡ ኣብ መላእ ከባቢታት ኤርትራ፡ ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም ኣድማታትን ተቓውሞታትን ክልሕሙ ጀመሩ።

ኣብ ሱሳታት፡ ኣብ መንጎ ሓያሎ ፖለቲካውያን ሓይልታት ዝተፈለለየ ኣጠማምታ ክነግስ ጀመረ። ገለ ብፖለቲካዊ ድርኺት ተደፋፊኦን ንፌደራላዊ ምትእስሳር ኤርትራን ኢትዮጵያ ክነጽጋ ከለዋ፡ ገለ'ውን ብተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ምድፍፋእ ተደሪኸን ንሓድነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክድግፋን ክወዳደራን ተራእያ። ካልኦት ካብኦን ብዘይፍለ ድማ ብቀቢላዊ፡ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ስምዒታት ተደፋፍኦን፡ ንኣብ መንጎ "ሽማግለን ትግረን"፡ ንኣብ መንጎ "ዝተፈላለያ ኣውራጃታትን ሃይማኖታትን" ዝነበረ ፍልልያትን ዘይምቅዳውን መዝሚዘን፡

ንዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝተፈላለየ ምግልባጥን መልክዓትን ከምዝህልዎ ካብ ምግባር ዓዲ ኣይወዓላን።

ኣብ ውሽጢ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ወጥሪ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ይኹን ኤርትራዊ-ኢትዮጵያዊ ክሳብ ናብ ጽልእን ቕርሕንትን ዘዕርግ ምፍሕፋሓት ተራእየ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ፡ ኣብ ዘርእን ዓሌትን ዝተመስረተ ናይ ቅትለት ዘመተ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ዜጋታት ኤርትራ ተፈጸመ። ገለ ዜጋታት፡ ነብሶምን ንብረቶምን ክዕቁቡን ክሕልዉን ብምድላይ፡ ኣንጻር'ቶም ብስርዓት ሃይለስላሴ ዝምወሉ ዝነበሩ ሸፋቱ ደው ክብሉን ክቃወሙን ክረኣዩ ከለዉ፡ ገለ ሰዓብቲ ወይ ደገፍቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ድማ፡ ውልቃዊ ረብሓታቶም ንምሕላው ወይ ንምርካብ፡ ብዛዕባ መጻኢ ሃገር ዝዋገዩን ዝጣለዑን ኣይተሳእኑን።

ብዘይካ'ዚ፡ ገለ ኣብ ከተማታት ባርንቱ፡ ተሰነይ፡ ላዕላይ ጋሽን ከባቢኡን ከም ኣመሓደርቲ ዝተመደቡ፡ ገለ ብደቂ በኒዓምር፡ ኩናማን ናራን ዝቖሙ ማልሽያታት መስርቶም፡ ኣብ ውጥን ሕንፍሽፍሽ ብምጥሓል፡ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ክዘርጉዎ ተራእዩ።
ካልኦት፡ ኣውራ ኣብ ከተማ ኣቕርደት ከም ኣመሓዳሪ ዝተመደበ፡ ወዲ ሓሰኖ (1) ዝተባህለ፡ ንገለ ጸለውቲ ሰባት ክኹስብ ብዝብል፡ ኣብ ሓለዋ'ቲ ከባቢ ብመግዛእቲ እንግሊዝ ክወፍር ዝተፈቕደሉ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ውሩያት ሰባት ከሲቦም። ኣንጻር ሸፋቱ፡ ብፍላይ፡ ሸፋቱ ሑመራን ወልቃይትን ክገጥሙ ብዙሕ ምድፍፋእን ጻዕርን ኣካየዱ። ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንምቅዋም ሸፋቱ ኩቱር ድልየት እኳ እንተ ነበሮ፡ መሳርሒ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ገለ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝነበሩ ኤርትራውያን ሰበ-ስልጣን ክኾውን ስለ ዘይመረጸ፡ ነቲ ብወገን'ቶም ኣመሓደርቲ ዝቐረበ ጻውዒት ዕሽሽ በሎ።

ኩነታት እናነሃረ ምስ መጸ፡ እቶም ደገፍቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ኤርትራውያን ሰበ-ስልጣን ክሰግኡ ብምጅማሮም፡ ሓገዝ ጸለውቲ ሰባት ክረኽቡ ጸዓሩ። ኣብ መፋርቕ 1961 ብመገዲ ኣመሓዳሪ ከተማ ተሰነይን ከባቢኣን ዝነበረ፡ ካ'ብቲ ኣብ ገርሰት ዋኒን ማሕረሱ ዝገብር ዝነበረ፡ ሓምድ እድሪስ ዓወተ ሓገዝ ንኽረኽቡ ተንቀሳቐሱ።
እንተኾነ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ይኹን እንግሊዝ፡ ዓዋተ ኣንጻር ሸፋቱ ገጢሙ ነብሱ፡ ስድራ-ቤቱን ንብረቱን፡ ከባቢኡን ክሕሉን ሕነኡ ክፈድን ይኽእል'ዩ ብዝብል፡ መደብ ምዕዳል ብረት እንተ ኣውጽኡ፡ መደቦም ፈሺሉን ፍረ ከርኢ ኣይከኣለን።

ዓዋተ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሸፋቱ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ ዝብል እምነት እኳ እንተ ነበሮ፡ ገዛኣቲ ኢትዮጵያ ብምንቅስቓስ ዓዋተ ክጠራጠሩ ስለ ዝጀመሩ፡ ምኽሪ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምስማዕ፡ ነቲ ንዓዋተ ዝተመባጸዕዎ ምሃብን ምዕዳልን ብረት ከም ዘይሰርሕን ዝዕወትን ገበሩዎ። ኣስዒቡ ኩነታት'ቲ ከባቢ ናብ ዝኸፍአ ክዓርግ ናይ ግድን ኮነ።

(1) ሓዉ ንሚኒስተር ፍትሒ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝነበረ።

መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብመሰረት ምኽርን ምድፍፋእን ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ንዓዋተ ከሲብካ ኣንጻር ጸላእቱ ዝኾኑ ሽፋቱ ክወፍር ዝከኣል'ዩ ዝብል ርእይቶ እኳ እንተ ነበሮም፡ ሓሳባቶም ግን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት፡ ብቐንዱ ብሕድሕዳዊ ምጥፋእ እምነት  ክሰምር ኣይከኣለን።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ካብ ውዲታት መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቶምን ክድሕን ከም ዘይክእል ክርዳእ ብምጅማሩ፡ ሓደ ብሽም ምቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝንቀሳቐስ ውድብ ከም ዝተመስረት ብምስማዑ፡ ካብ ኢትዮጵያን ሰዓብታን ንምምላጥ ዕድል ከም ዝተኸፍተሉ ስለ ዝገመተ፡ ምስ ኢትዮጵያ ሓቢሩ ክሰርሕ ከም ዘይኽእል ብምእማን ካልእ ኣማራጺ ኽናዲ ጀመረ።
ኣብ መወዳእታ ሓምሳታት፡ ተቓለስቲ ንናጽነት ዝብል ሓደ ብሽም ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብ1958 ተመስርቱ ምስ ተባህለን ተፈልጠን፡ ናጽነት ኤርትራ ከም ዘይጭበጥ ዝወሰዱዎ ዝነበሩ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ኤርትራን ዝተፈላለያ ከተማታት ምብራቕ ሱዳንን፡ ሕልሞም ክሰምር ከም ዝኽእል ከበስሩ ተንቀሳቐሱ።
ሓንቲ ምሸት፡ እድሪስ መሓመድ ሳልሕን ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓልን እናኣዕለሉን ሻሂ እናሰተዩን ከለዉ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡-“ገለ ዕጡቓት ኣብ ከባቢ ባርካ ይዝንብዩ ኣለዉ ዝብል ወረ ይናፈስ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ እትፈልጦ እንታይ ኣሎካ?” ኣስዒቡ'ውን፡-“ገለ ኤርትራውያን እናተዛረቡ ከለዉ ቁልሕ-ምልሕ ከብዝሑን ብትሑት ድምጺ ክዛረቡን፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይተዓዘብኩዎ ይርኢ ኣለኹ እንታይ ኣሎ ድዩ?” ክብል ሓተተ።

እድሪስ ተቐቢሉ፡“ትማሊ ክሓብኣልካ ስለ ዝደለኹ እምበር፡ ምስ ሓደ ኣሕመድ ሳልም ዝበሃል፡ ምስ'ቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ ሰራዊት ዝሰርሕን ኣባል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ ተራኺበ…” ዘረብኡ ከይወደአ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብታህዋኽ፡- “እንታይ ኣገዳሲ ሓበሬታ ለገሰልካ? እቲ ዝሰማዕካዮ መሲጡካ ክኸውን ተስፋ እገብር።” በለ።

እድሪስ፡ ከም ብሓድሽ ናብ'ቲ ኣርእስቲ ብምምላስ፡-“ኣሕመድ፡ ኩነታት ኤርትራ ጽቡቕ ከም ዘሎ፡ ሓደ ኣንጻር መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብረታዊ ቃልሲ ከካይድን ክመርሕን ዝደሊ፡ ብብዙሓት ከም ሽፍታ ዝቁጸር ኣገዳሲ ሰብ ከም ዘሎ ብቡዙሓት ክዝረብ ምስ ተጀመረ፡ ኢትዮጵያውያን ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተረብሾም ከም ዘለዉ ሓብሩኒ'ሎ…”እድሪስ፡ ገና ዘረብኡ ከይወደ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ከም ልማዱ ብምኹላፍ፡-“መን'ዩ እቲ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ተጸንብሩ ክመርሕ ዝደሊ ዘሎ ሰብ?” ዝብል ሕቶ ብቕጽበት ኣቕረበ።

እድሪስ፡ ጠባይ ማሕጁብ ኣልጀዓሊ ስለ ዝርዳእ እንዳ ተዛነየ፡-“እቲ ሰብ ሓደ ኣባል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ንከተማ ኣቕርደት ብተደጋጋሚ ዝመላለስ፡ ብሽም ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝፍለጥ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-መንግስቲ ኣብ ግዜ መግዛኣቲ ኢጣልያ፡ እንግሊዝን ፌደረሽንን ከይተረፈ ዝሰርሕ ዝነበረ፡ ንሽፋቱ ትግራይን ወልቃይትን  ዝመከተ ሰብ እዩ። ኢትዮጵያውያን ቋንቋ ሓይሊ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ቋንቋ ዝሰቕሮም ኣይኮኑን ኢሉ ብተደጋጋምን ኣብ ዝተፈላለዩ

ከባቢታት ዝዛረብ ከም ዝኾነ ብዙሓት ዘዕልሉሉ ምስጢር ኣደባባይ ኮይኑ'ሎ።" ብስምዒት ነቶም ዝቐረበሉ ሕቶታት ክምልስ ፈተነ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኣዝዩ ስለ ዝተተባበዐ፡ ዝያዳ ሓቤሬታ ክረክብ ብምድላይ፡- "ዓዋተ ከም ዝበሃል፡ ኣንጻር'ቶም ኣብ ከባቢ ባርካን ሰቲትን ዝንቀሳቐሱ ሸፋቱ ስለ ዝኾነ ኣበይ'ዩ ዝርከብ በጃኻ?" ክብል ተገዲሱ ሓተተ።
እድሪስ፡ ብወገኑ፡-"ገለ ኣባላት መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ደሃይ ሓምድ ዓዋተ ንምርካብ ትማሊ ካብ ፖርት ሱዳን ንከሰላ ኣትዮም ኣለዉ ዝብል ሓበሬታ ኣሕመድ ሳልም ነጊሩኒ። እቶም መጺኦም ዘለዉ ኣባላት መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ጭቡጥ ብዛዕባ ምጽንባርን ዘይምጽንባርን ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከረጋግጹ ዝመጹ ከይኮኑ ኣይተርፉን'ዮም ዝበሃል ዘሎ። ነዚ ሓበሬታ ብዝያዳ ንምርግጋጽ ድማ ካልኦት ኣባላት መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ንከተማ ኣቕርደት ክሰዱ መዲቦም ከም ዘለዉ ተወሳኺ ሓበሬታ'ውን ኣሎ።" በለ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ብተገዳስነት ጽን ኢሉ ድሕሪ ምስማዕ፡-"ካልእ ከ?" ክብልን እድሪስ፡-"ከም'ቲ ኣሕመድ ሳልም ዝሓበረኒ፡ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ብረት ዋላ'ውን ብዘለዓለ ዋጋ ንምግዛእ ድልየት ከም ዘሎ ብተወሳኺ ሓቢሩኒ።" ብተወሳኺ'ውን፡-"መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ብረትን ኣጽዋርን ፖሊስ ኤርትራን ሰራዊት ሱዳንን ምምንዛዕ ወይ ምግዛእ፡ እንተ ዘይተኻእል ካብ መኻዚኖታ ምስራቕ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ከረን፡ ኣቕርደት፡ ናቕፋን ፖርት ሱዳን ዘለዎ ኣባላት፡ ብረትን ኣጽዋርን ንኤርትራ ብሕቡእ ምእታውን ምኽዛንን ዝኣመሰሉ ስራሓት ብንጥፈት ክዋፈሩ ዝብሉ ጥቡቕ መምርሒ ንኣባላት ኣመሓላሊፉ ኣላ።" ዝብል ጭቡጥ ሓበሬታ ለገሰ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብወገኑ፡- "ገለ ብረት ዝዓጠቑ መንእሰያት፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ባርካ ብፍላይ፡ ኣብ ከባቢ ገርሰት ክንቐሳቐሱ ሪኢና ዝብሉ፡ ኣብ ሹቕ ሃይኮታ [1] ሰምዐ ኣለኹ።" በለ።

እድሪስ ተቐቢሉ፡-"እወ ገለ ብረት ዝዓጠቑ ዓበይትን መንእሰያትን፡ ሓምድ ዓዋተ ዝርከቦም፡ ኣብ ከባቢ ገርሰትን ሩባ ፋንኮን ይንቀሳቐሱ ከም ዘለዉ፡ ኣሕመድ ሳልም'ውን ሓቢሩኒ ነይሩ። ኣብ'ቲ ከባቢ፡ ገለ ከም በዓል  ዓዋተ መሓመድ ፋይድን ክቡብ ሓጃጅን፡ ምስ ሓምድ ዓዋተ ከም ዝተራእዩ ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ'ውን ኣሎ።" ንሕቶታት ማሕጁብ ኣልጃዓሊ መልሲ ክህብ ፈተነ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ምስ እድሪስ ጽቡቕ ስለ ዘምሰየ፡ ብሕጉስ መንፈስ፡ ንእድሪስ ልዋም ለይቲ እናተመነየሉ፡ ከም ልሙድ ኣብ እንዳ ሻሂኡ ንኽራኸበ ተሰማሚዖም ነናብ ውልቃዊ ዋንኖም ኣምረሑ።

---

[1] ሹቕ ሃይኮታ፡ ኣብ ከተማ ከሰላ ዝርከብ፡ ዝተፈላለዩ ኣቕሑት፡ ገለኦም'ውን ክሳብ ብረት ዝሸየጠ ዑሙር ሹቕ'ዩ ዝብሉ'ውን ኣለዉ።